*ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ*
*ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን*

**المجلس الوطني الإرتري للتغيير الديمقراطي**
**مكتب الإعلام والثقافة**

*Eritrean National Council for Democratic Change*
*Information and Cultural office*
encdc.ex@gmail.com

# *ጋዜጣዊ መግለጺ*

## *ብጉዳይ መበል 23 ዓመት ምኽታም ስምምዕ ኣልጀርስ*

*ዕለት 12 ታሕሳስ፣ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝካየድ ዝነበረ ኲናት ደብ፣ ደው ንምባል ስምምዕ ኣልጀርስ ዝተፈረመሉ ዕለት ኢዩ። ዶሮ 23 ዓመት ኣሕሊፉ ይርከብ። ኣብዚ ብማዕከናት ዜና ብ"ኲናት ባድመ" ዝፍለጥ ዝነበረ ናይ ደብ ኲናት፡ ካብ ክልቲኡ ወገናት ብኣሽሓት ዝቑጸሩ መንእሰያት ህይወቶም ዝሰኣንሉ ተረኺቦ ምንባሩ ሓዘን እንተሰማዓና ንዝክሮ ጉዳይ ኢዩ።*

*ካብ'ቶም ኣገደስቲ ዓንቀጻት ስምምዕ ኣልጀርስ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ተጻብኦታት ብቐጽበት ምቁራጽ ዝብል፡ "ክልቲኦም ወገናት ናብ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ብምቕራብ ዶባዊ ግርጭቶም ክፈትሑ ከም ዝተቐበሉን፣ ብይን ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ድማ ቀያዲ ምዃኑን" ዝብል'ዩ። እቲ ቤት ፍርዲ፣ ዶባት ክልቲኤን ሃገራት ክሕንጻጽ ውሳነ ከም ዘመሓላለፈን፣ ንዑኡ ዘነጽር ምስቲ ውሳነ ተተሓሒዙ ዝወጸ ካርታታት ከም ዝጸደቐን ዝተፈልጠ ኢዩ። ክልቲኦም ወገናት ነቲ ውሳነ ብመትከል እኳ እንተተቐበልዎ፡ ኣብ ባይታ ግን ብዙሕ ምስምሳትን መደናጉዪ ምኽንያታትን ብምፍጣር፣ ብፍላይ ድማ ብሸነኽ ኢትዮጵያ፣ ትግባረ ምሕንጻጽ ዶብ ክሳብ ሕጂ ኣብ ግብሪ ኣይወዓለን።*

*ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ኣብ 2018 ቀዳማይ ሚኒስትር ፌደራላዊት ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ ኮይኑ ምስ ተመርጸ፣ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ዶባት ክልቲኤን ሃገራት ብዝምልከት ዝተበየነ ፍርዲ ንምትግባር ድልው ምዃኑ ክሳብ ዘፍለጠሉ እዋን እቲ ጉዳይ ተንጠልጢሉ ከም ዝጸንሐ ፍሉጥ ኢዩ። እዚ መርገጺ'ዚ ብመሰረት እቲ ኣብ መንጎ ክልቲኣን ሃገራት ዝምድናታት ናብ ንቡር ንምምላስ ክመርሕ ዝኽእል፣ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ዝሃቦ ውሳነ ዶባት ክልቲኣን ሃገራት ንምሕንጻጽ ምቹእ ዕድል ምንባሩ ዘጠራጥር ኣይነበረን። እንተኾነ ግን፣ ኣብ ክንዲ ተቐላጢፍካ መስርሕ ምሕንጻጽ ዶብ ዝጅመር፡ ኣብ መንጎ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያን ኣብ ኤርትራ ዘሎ ምልካዊ ስርዓትን ዝነበረ ዝምድና ኣብ ምሕያልን፣ ከይዱ ከይዱ ከኣ ናብ ወትሃደራዊ ምልፉን ናብ ምብጻሕ ተጓየዩ። ዓለም ብምሉኡ ይከታተሉ ከም ዝነበረ፣ ወግሐ ጸብሐ ኢሳይያስን ኣቢይ ኣሕመድን ብቀጻሊ ክበጻጽሑ መሬት ዓሪብዎም። ከም ውጽኢት ናይ'ዚ ልፍንቲ'ዚ ድማ ኣብቲ ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ዝተፈጸመ ኣስካሕካሒ ኲናት ብሓባር ብምውሳኦም፡ ህዝብና ኣብ ዘይምልከቶ ኲናት ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ደቁ ዘጥፈኣሉ ተረኺቦ ነበረ። ሎሚ እቲ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ስርዓታት ዝነበረ ምሕዝነት ተዳኺሙ፣ ኢትዮጵያውያን፣ ተፈጥሮኣዊ መሰል ኣለና ብዝብል ኣጉል ምኽንያት፣ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ወደብ  ክውንኑ ዝጠልብ መግለጺታት ንህዝብና ይኹን ንዞባና ኣብ ኣሻቓሊ ኲነታት ሸሚምዋ ከም ዘሎ ንስሕቶ ጉዳይ ኣይኮነን።*

*እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ወግዓዊ ኣፈኛ ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ኣመሪካ ሚስተር ማቲው ሚለር ትማሊ ብምኽንያት ዝኽሪ ስምምዕ ኣልጀርስ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ ኣድላይነት ምኽባር ልኡላውነት ሃገራት ብመሰረት እቲ ስምምዕ ውሕሰነት ኣለዎ ክብል ገሊጹ። እቲ መግለጺ፡ ምኽባር ልኡላውነት ነፍሲ ወከፍ ሃገር ኣብቲ ዞባ ርግኣት ንምፍጣር መሰረት ምዃኑ'ውን ኣስሚሩሉ። ኣመሪካ ንውዕል ኣልጀርስን ምሕንጻጽ ዶባትን ብመሰረት ውሳኔታት ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ዝነበራ ደገፍ ደጊሙ ኣረጋጊጽዎ። ብተመሳሳሊ'ውን ሕብረት ኤውሮጳ ምስ መግለጺ ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ኣመሪካ ተመሳሳሊ መልእኽቲ ዝሓዘ መግለጺ ከም ዘውጸአ ተፈሊጡ።*

*ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ (ኤሃባደል)፡ ነቲ ኣብ ምሕንጻጽ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብዝምልከት ንኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ዝሃቦ ውሳነ ደገፉ ዘረጋግጽ መርገጺ ኣመሪካን ኤውሮጳን ብምምጓስ፡ ምሕንጻጽ ዶባት ክልቲኡ ሃገራት ንልዑላውነተን ዘውሕስ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፣ ኣብ ዞባና'ውን ምርግጋእ ዘረጋግጽ ከም ምዃኑ መጠን ማሕበረ ሰብ ዓለም ጉዳይ ምሕንጻጽ ዶብ፣ ብመሰረት ብይን ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ፣ ንምትግባር ኣብ ልዕሊ ክልቲኦም ወገናት ኣድላዩ ጸቕጢ ክገብር ይጽውዕ። እዚ ምስ ዝፍጸም፣ ኣብ መንጎ ክልቲኣን ሃገራት ክመጽእ ዝኽእል ዝኾነ ይኹን ግርጭት ንምዕጋትን፣ ሃገራዊ ልኡላውነት ነፍሲ ወከፍ ሃገር ክኽበርን ዘኽእል ኣገዳሲ ስጉምቲ ምዃኑ ኤሃባደለ ጽኑዕ እምነት ኣለዎ።*

*ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን*
*ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ*
*13 ታሕሳስ 2023 ዓ.ም*